# <u>ደስበለ መሓሪ "መማህርቲ መለስ"</u>
# <u>"ኣበይ ኣለኻ ዘይበለዎስ ኣብዚ ኣለኹ"</u>

ንሓደ ኣብ ልዕሊ ሃገርካን ህዝብኻን ዓቢ ታሪኻዊ በደል ዝፈጸመ ክሪሚናል፡ ዝገበሮ ገበን ንምድምሳስን ንምርሳዕን፡ ብውዳሴ ንፉዕ ብዙሕ ገጻት ዘለዎ መጻሓፍቲ ዘንብብ፡ ልዑል ነጥቢ ዘምጽእ ወዘተ ወዘተ እናበልካ ክትውድሶ፡ ነቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝገበሮ ዘሰካሕክሕ ግፍዒ 90 ሽሕ ኣረገውቲ ህጻናት ስንኩላን ሕብሪ ዓይንኹም ኣይፍተወንን ኢሉ ብጎልጎል ኣጻምእ ብእግሮም ዝሰጎገም፡ ወትሃደራቱ ልኢኹ ብነፈርትን ታንክን ቆልዓ ሰበይቲ ዘደብደበ ዓድታት ዘቓጸለ፡ መቓብር ሰማእታት ዝፈንቀለ፡ ካብ ሂትለር ዘይሓይሽ ቀዳማይ መራሒ ወያነ፡ ኣብ ሶሻል ሜድያ ወጺእኻ ብኣድናቖትን ብውዳሰን ክትዝክሮ ከለኻ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዘለካ ብድዐን ንዕቐትን ንእንታይነትካ ዘጉልሕን ኢዩ። ብዘዕባ መለስ ይኹን ጭፍራ ወያነ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝገበርዎ በደል ሓንቲ ሪጋ ጽሒፍካ ወይ ክትንቕፍ ተራኢኻ ኣይትፈልጥን፡ ስለዚ ከም ሓላይ ህዝቢ ኤርትራ ኮንካ ክትልፍልፍ ኣየምሕረልካን ኢዩ።

"ዝብእስ ኣብ ዘይፈልጥዎ ከይዱ ኣጎዛ ኣንጽፉለይ በለ"። ኣዴታት ሚላኖ ብዙሓት ከዳዓትን ጠላማትን ዝርኣያ ስለ ዝኾና ይፈልጣኻ  ኢየን'ሞ ብኣዴታት  ኣይትሸቐጥ፡ ክትኽስበን ጨሪሽካ ኣይትኽእልን፡ ምኽንያቱ ንሰን ኣብ መትከለን ሓያላት ኣብ ዕላምአን ጽኑዓት ቀደምን ሎምን ሃገረይን መንግስተይን ምስ በላ ንድሕሪት ዘይርእያ ጀጋኑ ኢየን።

መለስ መማህርትኻ ጥራይ ኣይነበረን። ከሳብ ብሂወቱ ዝነበረሉ ኣብ መቐለን ኣዲስ ኣበባን ኬድካ ትርኽቦ ከም ዝነበርካ፡ ንመንግስቲ ኤርትራ ገምጢለ ንዓኻን ከማኻን ዝበሉ ከድዓት ኣብ ስልጣን ኮፍ ከብለኩም'የ  ኢሉ ኣብ ኣዋሳን መቐለን ኣዲስ ኣበባን ሻርባ ኣብ ክሳድካ ጠምጢሙ ከካፍለካ ትኽሕዶ ዲኻ፡ ትኽሕዶ ኣይመስለንን ኣብ ማስ ሜድያ ስለ ዝተርአኻን ዝተቓልዓኻን።

መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ሶማል 2000 ሰራዊት ልኢኹ ብነፋሪት ገይሩ ኣጽዋር ናብ ኣልሸባብ ኣሳጊሩ፡ ኣነ ጭቡጥ መስካሪ ኢየ ኢልካ ኣብ ኣኼባታትን ኣብ ፈቖዶ ናይ ህዝቢ መራኸብን ትቐርብ ኔርካ። ኣብ ሚላኖ ንስኻን ማሲሞ ኣልብሪሲን ንወጻእተኛታት ኣብ ዝጸውዓኽምዎ ኣኼባ ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ ካብ ተኻፈልቲ ኣኼባ፡ ከም'ዚ ዝስዕብ ሕቶ ሓቲቶሙኻ፡ ሞኒተርን ግሩፕ ኤርትራ ኣብ ሶማል ሰራዊት ከም ዘልኣኸት ዝኾነ ጭብጥታት ኣይረኸብናን ኢሎም ምስክርነቶም ሂቦም ኣለዉ፡ ንዝሃብካዮ ናይ ሓሶት ምስክር ትእረመሉ'ዶ ተባሂልካ ምስ ተሓተትካ፡ ኣነ ኤርትራ ወትሃደራታ ኣብ ሶማል ከም ዘእተወት ርግጸኛ ኢየ ክልተ'ኳ ተማሪኾም ኣለዉ ኢልካ ኣብ ቅድሚ ኩሉ ኣኼበኛ መልሲ ሂብካ። ብናይ ሓሶት ምስክርነትካ ዝተቕጥዑ ኤርትራውያን ክጥሕሩኻ ደልዮም እቲ ኣኼባ ከም ዝተቛረጸ ትዝክሮ'ዶ?

ኣብ ሶሻል ሜድያ ውጥም ውጥም ኢልካ ትርአ ዝበዝሐ ግዜ ምስቲ ከዳዕ ብጻይካ ዕሱብ ወያነ ኣማኒኤል ኢያሱ (Birds of the same feather fly together)፡ ምስ ሰብ መቐለ ዘለካ ምትእስሳርካ ከሳብ ሎሚ ይቕጽል ከም ዘሎ እኹል መርትዖታት ኣሎና። ልክዕ'ዩ ብዙሓት ናይ ተጻብኦ ውድባት ዳርጋ ኩለን ጥዒምካየን ኢኻ። ናይ ስልጣን ህርፋን ቀዳማይ ሕማምካ ምኧኑ ዘይፈልጠካ የለን "Chronical Death Trap"።

ዘይሓፍር ጻጸ ኣብ "ኣብ መስኮት ቴሌቪዝዮን ከይዱ ይላጽ'ዶ ክንብሎ"፡ ሎሚ ከኣ ኣብ መስኮት ናይ መስከረም ቄብ ሳይት ብዘይ ሕፍረት ቀሪብካ፡ ካብ ቀደም ተቓላሳይ ከም ዝነበርካ ከሳብ ግዜ ናጽነት **ምሉእ ግዜኻ ወፊኻ ትሰርሕ ከም ዝነበርካ** ክትጅሃር ወጺእኻ። እቲ ሓቂ ግን ካብ ሜዳ ትምህርቲ ካድር ተማሂርካ ምስ ተመለስካ፡ እቲ ውድብ ብዝፈጠረልካ ኣጋጣሚ ከምሃርየ ኢልካ ጽንሕ ኢልካ ከኣ ኣብ CIGL ስራሕ ረኺብካ ስድራቤተይ ካባይ ኢዮም ዝጽበዩ ኢልካ፡ ካብ ቤት ጽሕፈት ወጺኢኻ ንተወፋይነት ራሕሪሒኻ ከም

ኩሉ ሰሪሑ ዝነብር ውልቓዊ ህይወትካ ትመርሕ ዝነበርካ ኢኻ። ዉፉያት ዝብሃሉ ክንሰርሕ ክንምሃር ስድራና ክንኣሊ ከይበሉ ምሉእ ግዜኦም ኣብ ጉዳይ ሃገር ጥራይ ንምስራሕ ዝተወፈዩ እዮም። ስለ'ዚ ንስኻ ክሳብ ግዜ ናጽነት ከም ኩሉ ሰሪሑ ህይወቱ ዝመርሕ ተራ ኣባልን ገለ ግዜ ውን ኣብ ኣ/ኣካል ማ/ኮም ከም ዝነበርካ ንፈልጥ።

ድሕሪ ናጽነት ኣብ ዳግመ ምውዳብ ዝነበረካ ግደ ዋላ ከም ኣባል ተመዝጊብካ እንተነበርካ'ውን፡ ብኣካይዳኻ ብዙሓት ኤርትራውያን ብዓይኒ ጥርጠራ ኢዮም ዝርእዩኻ ዝነበሩ። ምስ ወራር ናይ ወያነ ከኣ ከድዓትካ ተጋሂዱ ጉልባብካ ተቐሊዑ ካብ ውድብ ብወግዒ ተሰጒግካ። መቐለ ዓዲግራት ኣዲስ ኣበባ ኣዋሳ መገዲ ማይ ጌርካዮ። ንኤርትራ ከዲዖም ዝመጹ ሰባት ምትእስሳር ክትገብር ግዜ ኣይወሰደልካን፡ ንኹለን ናይ ተጻብኦ "ጉጅለታት" በጺሒኻየን። ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ደድሕሪ ዓንደብርሃን ትኸይድ ኣለኻ፡ ክሳብ መጨረሽታ ምስኡ ክትጸንሕ ዲኻ?

ብዛዕባ ኤርትራውያን ኣዴታት ኣብ ኢጣልያ ውን ከተውግዕ ፈቲንካ። እወ ኤርትራውያን ኣዴታት ሎሚ ውን ከም ትማሊ ልዑል ሃገራዊ ፍቕሪ ኢየን ዘውንና፡ ዉፉያት ንዕላምኣን ጽኑዓት ኣብ መትከለን፡ ፈቓራት ንብጾተን፡ ብሃገረን ብመንግስተንን ዝመጽኣን ንሕሰያ ዘይገድፋ፡ ንኸማኻ ጠላማትን ከዳዓትን ከኣ ሕንዚ ምኽነን ኣይትረስዕ።

ኣብ መጨረሽታ ብዋዛ ክንዓጽዎ! ሓደ ዓርክና ንደሰበለ Jolly ወይ ጆኬር እንዳበለ ይሰምዮ ነይሩ። ኣታ ንመን ኢኻ ሻንቆ እኳ'ዩ ሳጉኡ፡ ስለምንታይ ጆሊ ትብሎ? ምስ በልናዮ፡ ከም ሃመማ ኣብ ኩሉ'ዩ ጦብሎቕ ዝብል፡ ንኹለን "ውድባት" በጺሕወን፡ ብቐደሙ ከማን ንዕኡ'ዩ ዝመስል ኢሉ ኣስሒቑና።

ውድቀት ንኸድዓት !!

ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ !!

ካብ ከም ኣጻብዕቶም ዝፈልጡኻ ነበርቲ ሚላኖ።